# ረስኒ ኣብ ቆልዑ



ረስኒ ክንብል ከለና እቲ ሙቀት ልዕሊ 38°C ክኸውን ከሎ እዩ ።

**ረስኒ እንታይ ማለት እዩ እንታይ ጉድኣት የኸትል ፧**

ረስኒ ማለት :

- ጠቃምን ንቡር ግብረ መልስን ናይ ህዋሳትን ነቲ ረክሲ ንክቃለሱ ይጠቅም
- ተደጋጋምን መብዛሕትኡ ምስ ቀለልቲ ሕማማት ከም ሰዓል ይረኤ
- ሳሕቲ እዋን ምልክት ናይ ከቢድ ሕማም ምልክት ክኸውን ዝክእል እንተ ኮነ ረስኒ ንባዕሉ ግን ሓደገኛ ኣይኮነን

ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ፡ ብዘይ መድሃኒት ባዕሉ ይጠፍእ እዩ።

**ሙቀት ናይ ደቅኹም ብከመይ ትዕቅንዎ ፧**

ብዙሕ ኣገባብ መዔቀኒ ሙቀት ኣሎ ፡ ነፍሲ ወከፍ መዔቀኒ ናቱ ጥቅምን ጉድኣትን ኣለዎ። ክትጥቀሙ ከለኹም ፡ ነቲ ቆልዓ ዝበቅዕ ምስ ዕድሚኡን ምስ ሕማሙን ዝከይድ ምጥቃም። ንቆልዓ ብመቀመጫኡ ሙቀት ምዕቃን ንክትጥቀሙሉ ኣይንምዕድን።

**መዓስ መድሃኒት ናይ ረስኒ ክውሃብ ኣለዎ፧**

ሓፈሻዊ ኩነታት ናይ ቆልዓ ምግምጋም ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ፡ ነቲ ፈውሲ ማሃብ ናብ ሓኪም ምውሳድ ወሳኒ እዩ ፡

- ምቁጣዕ
- ዘየቋርጽ ብኽያት
- ንጥፈታቱ ምጉዳልን ወይ ምንቃሕ
- ሽውሃት ምጉዳል
- ጸገም ናይ ድቃስ

| **ዕድመ** | **ዓይነት ምዕቃን** | **ጥቅሚ** | **ጎዳኢ** | **ኣገባብ** |
|---|---|---|---|---|
| **ትሕቲ<br>4<br>ሰሙን** | ኣብ ትሕቲ | ቅልጡፍን<br>ጉድኣት<br>ዘየከትልን እዩ | ነቲ ብቅዓት ናይ<br>መዓቀኒ<br>ምጥንቃቅ | እቲ ቴርሞ<br>ሜተር ምስ<br>ንቁጽ ቆርበት<br>ክለግብን ኣለዎ |
| **ልዕሊ<br>4<br>ሰሙን** | ኣብ እዝኑ<br> | ቅልጡፍን<br>ርጉጽን | ኣብ እዝኒ<br>ንክንዕቅን ኣቲ<br>ናይ ውሽጢ<br>እዝኒ ጽሩይ<br>ክኸውን ኣለዎ<br> | ንእዝኑ<br>ንድሕሪት<br>ንሰሕቦ እቲ<br>ውሽጢ እዝኒ<br>ጽቡቅ ጌሩ<br>ክኽፈት<br>ምእንቲ |

## አብ ትሕቲ 3 ወርሒ ዕድሚኦም ቆልዑ

ኩሉ ረስኒ አብተን አብተን ቀዳሞት 3 ሰሙን ዕድሚኦም ዝጋጥም ነቲ ፔድያትክ ክንገር አለዎ እቶም ቆልዑ ውን ክረአዩ አለዎም ፡ ዋላ ውን  እቲ ቆልዓ ዝሓመመ እንተ ዘይመሰለ።



• • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • • •

## አብ ልዕሊ 3 ወርሒ ዕድሚኦም ቆልዑ

ሙቀት ለዕሊ 38°C

- ናይቲ ቆልዓ ክዳውንቲ አውጽኡሉ
- ማይ አስትይዎ
- እቲ መደቀሲ ብርቱዕ ሙቀት ክህልዎ የብሉን[18/20°C]
- 30 ደቂቅ ምጽባይ ፡ ሽዑ ፡
  - ጽቡቅ ሓፈሻዊ ኩነታትን ሙቀት ትሕቲ **39°C ->** **ተከታተልዎንለውጢ እንተ ዘይብሉ ናብ ሓኪም ውሰድዎ**
  - ሕማቅ ኩነታትን ወይ ሙቀት **39°C** ወይ ልዕሊኡ **->** መድሀኒት ጸረ ረስኒ ምሃብ ፡ እቲ ፔድያትክ ዝአዘዞ ምሃብ ተመራጺ እዩ ምስ ዕድሚኡ ስለ ዝከይድ **->** **ተከታተልዎን ለውጢ እንተ ዘየለ ናብ ሓኪም ውሰድዎ**

**አገዳሲ**

ቆልዓኩም ምስ ዝሓምም ፡ ደውሉ

1 ንፔድያትክ[ሓኪም ናይ ቆልዓ]
2 ሰንትራል ናይ ሓካይም ፡ 0848 133 133
3 ንህጽጽ ረዲኤት ፡ 144



Programme cantonal de promotion de la santé et de prévention primaire enfants (0-4 ans) - parents

canton de vaud
LIBERTÉ ET PATRIE
CMS AIDE ET SOINS À DOMICILE
CHUV
HEL
Section VD Ne Ju Fédération Suisse de Sages-femmes
GPV Groupement des Pédiatres Vaudois